መበል 22 ጽንበል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ብዓቢ ድምቀት ተባዓሉ

ኣብ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ዝነብሩ ኤርትራዊያን ዜጋታትን፡ የዕሩኽ ኤርትራ ኣሜሪካዊያንን፡ ንመበል 22 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ካብ ድሮ ዕለት ናጽናት ማለት ካብ ሓሙስ ግንቦት 23 ኣትሒዞም ክሳብ ሰኑይ ዕለት 27 ንኣርባዕተ መዓልትታት ብድሙቕ ባህላዊ ደርፍታትን ንዓበይቲን ንንኣሽቱን ብዝከዉን ዝተፈላለዩ ንጥፈታትንን መደባትን በኽብ ዝበለ መልክዕ ኣብዒሎም

ብፍላይ ኣብ መዓልቲ ናጽነት ዓርቢ ግንቦት 24 ፡ ኣብ ፊት ኤምባሲ ኤርትራ ብምረሻ ጎደና ተሰንዩ ዝተኻየደ ፍሉይ ፌስታ ንሓላፍ መገዲ ዝመሰጠን ንሃገረ ኤርትራን ዘላለየን ነይሩ፡ እዚ ብባህላዊ ኣልባሳት ዝወቀቡ ተሳተፍቲን፡ ንሃገራዊ ክብሪ ዘንጸባርቑ ጭርሖታት ዝተሰለሙ ጎደናታትን፡ ብሃገራዊን ያታዊ ትህሊታት ዝደመቐ መደብ፡ ነቶም ክብርቲ ሂወቶም በጃ ኽፊሎም ናጽነት ኤርትራ ህያዉ ንዝገበሩ ስዉኣት ዘኽብር መደብ'ዩ ነይሩ።

ቀዳም ዝቐጸለ መደብ ዝኖት ዝተፈላለዩ ንህጻናትን ዓበይቲ ዘሳስይ መደባት ስፖርት፡ ያታዊ ጸዎታታት፡ ምዕዳል ብልጫታት ንተመረቕቲ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃን ቤትምህርቲ ቋንቋታት ኤርትራን፡ ንጽባቐ ኤርትራ ዘንጸባርቑ ቑሸት ብሄራትን ዝተፈላለዩ ባህላዊ መግቢን ስነጥበብን ንተሳተፍቲ ዘጠቓለለ መደብ ነይሩ

ኣብ ሳልሳይ ዕለት ጽንበል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ፡ ካብ ኤርትራ ኣሜሪካን ኣዉሮፓን ዝመጽሙኡ ስነጥበኛታት፡ መሳጢን ወኒ ብዘበራብር ሃገረዊ ደርፊታቶም ነቲ ካብ ጻት ንጻት ኣዳራሽ መሊኡ ዝነበረ ኤርትረወዊ ክሳብ ወጋሕታ ከዘናግዕዎ ሓዲሮም ብተወሳኺዉን ኣብዚ ምሸት እዚ ብህጻናት ዝተርሐ ድራማን ግጥምታትን ተወሳኺ ድምቀት ነቲ ምሸት ሂብዎ ነይሩ፡

ተሳትፎ ልኡኻት ላዕላዋይ መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ንመበል 22 ዓመት ናጽነት ኣዝዩ ፍሉይ ድምቀት ዝሃበን ህዝቢ ምስ መንግስቱ ተራኺቡ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገሩ ክዝቲ ፍሉይ ባይታ ክፈጥር ከሎ፡ ንነፍስወከፍ ጽቡቕ ኤርትራ ዝምነ ኩሉ ድማ ካብ ጫፍ ንጫፍ ሕ/መ/ኣ ሓበንን ልዑል ሃገረዊ ሓይሊ ዘልበሰ ህሞት'ዩ ነይሩ፡

ብሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕን ብሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ ኣስታት 3፡00 ሰዓታት ዝወሰደ ህዝባዊ ዘተ፡ ንፖለቲካዊ ቁጠባዊን ማሕበራዊ ጉዳያት ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ንዉድባዊ ጉዳያት፡ ባህላዊን ኣካዳሚያዊ ብቕዓት፡ ሚድያን ስነ ኣእሙሯዊ ኩናት፡ ብድሆታትን ዕድላትን መስርሕ ህንጸት ሃገር፡ ጉቡኣትን መስላት ዜጋታት ዝኣምሰሉ ኣርእስትታት ብዕሙቀት ዘትዩ'ዩ፡

እዚ ኣብ ሞንጎ መራሕቲ ሃገርን ተሳተፍቲ ህዝቢን፡ ብዅፉትን ዝተኻየደ ዘተ ንዝተፋላለየ ሕቶታ ብዘዕግብ ክምልስ ከሎ ሃነጽቲ ርእይቶታትን ለበዋታትን ድማ ሰሚዑ፡ ኣብ መወዳእታ፡ተሳተፍቲ ብወገኖም ብልጽግቲ ስልጢንትን ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምህናጽ ብህዝቢን መንግስትን ንዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ድሕሪ ምምዃስ፡ ነብስወከፎም ቁጠባ ሃገርን ዉልቃዊ ቁጠባ ኣብ ምሕያል ተፈጢሩ ዘሎ ምቹእ ባይታ ተጠቂሞም ክነጥፉ ምኻኖምን፡ ኣብ ምርግጋጽ ልኡላዉነትን ህነጸት ዴሞክራሲያዊትን ብልጽግትን ኤርትራን ተሳታፍነት ንምዕዛዝ ዉዳበታቶም ኣብ ሃገራዊያን ዉድባታት ከሐይሉ ምኻኖም ድሕሪ መርግጋጽ ነቲ ክሳብ ሕጂ ተረኺቡ ንዘሎ ዓወታት ንዘረጋገጹ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ህዝቢን መንግስቲ ኤርትራን ሞጎሳኦም ገሊጾም

ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕንን ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ ኣብ ተፈላለየ ዞባታት ኣሜሪካ ማለት ኣብ ከተማታት ሲያትል፡ ሎስ ኣንጀለስ፡ ኦክላንድን፡ ኣትላንታን፡ ንዝርከቡ ብኣሽሓት ንዝቑጸሩ ኤርትራዊያን በጋጣሚ መበል 22 ናጽነት ኤርትራ ምስ ህዝቢ ተመሳሳሊ ርክባት ከምዝገበሩ ይዝከር